# ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ቦሎኛ ብሓያል ናይ መኸተ ወኒ ተዘኪራ

ዝኽሪ መበል 52 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ መስከረም ብዕለት 31 ነሓሰ 2013 ኣብ ታሪካዊት ከተማ ቦሎኛ ነበርቲ ቦሎኛን ከባቢኣን፡ ከምኡውን ብርኽት ዝበሉ ዘጋታት ነበርቲ ሚላኖን ፓርማን ፍረንሰን ብ ኣውቶቡስን መኪናን ባቡርን ብምጓዓዝ ዝተሳተፍዎ ብኽብ ዘበለ ሓበንን ናይ መኸተ ወኒን ተዘኪራ።

ነዚ ታሪኻዊ ዝኾነ ዝኽሪ ዘዳለውን ዝወደቡን ብሓፈሻ ማሕበረ ኮም ቦሎኛ ብፍላይ ንኩሉ ወጻኢታት ሸፊኖም ልኡል ውዳበ ብምግባር ኣጋይሽም ብምእንጋድ ነዚ በዓልዚ ብድምቀት ንኽዝከር ዝገበሩ መንእሰያት ህግደፍ ጨንፈር ቦሎኛ ኢዮም።

ኣብዚ ኣጋጣሚዚ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ዘመደ ተኽለ ንታሪካዊት ዕለት ባሕቲ መስከረም ምጅማር ዕጥቓዊ ቃልሲ ኣመልኪቱ መገለጺ ድሕሪ ምሃብ ንህልው ኩነታት ሃገርናን መንግስቲ ኣብዚ ዓመትዚ ንኽሃንጾ መዲቡ ንዘሎ ሓዲሽቲ ኣብያቲ ንተሳትፍቲ መብርሂ ሂቡ። ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሚላኖ ኣቶ ርእሶም ገብረጊዮርጊስን ብወገኑ ኣብ ቆንስላዊ ስርሓት ንዝካየዱ ዕማማት ኣመልኪቱ መገለጺ ድሕሪ ምሃብ ማሕበረ ኮም ቦሎኛ ምስ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ብምትሕብባር ህዝቢ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት ንክረክብ ንዝካይድዎ ዘለው ሓያል ስርሓትን ዕማማትን ኣበርኪቶን ብፍላይ ከኣ ዜጋታት ነበርቲ ቦሎኛ ካብ ዝነብርሉ ከተማ ከይተንቀሳቀሱ 475 ዜጋታት ሓዲሽን ዘመናውን ፓስፖርት ኣብ ምሓዝ ንዝተጻውትዎ ሓይል ተራን ከምኡውን ማሕበረ ኮም ቦሎኛን ከባቢኣን ከም መቀጸልታ ናይቲ ካብ 2004 ኣትሒዞም በብእዋኑ ክፍጽምዎን ክትግብርዎን ዝጸንሑ መደብ ምሕብሓብን ምንባይን ስድራ ቤት ሰማእታት ኣብ ኣጋጣሚ 20 ሰነ 2012 መብጽዕኦም ዳግማይ ብምሕዳስ ብውልቅን ብጉጅለን ተጠርኒፎም ን 22 ስድራ ሰማእታት ናይ ምንባይ ሓላፍነት ብምስካም ድሮ 75% 8 ሽሕ ዩሮ ናይቲ መብጽዓ ኣታዊ ምግባሮም ነዚ ንዝኽሮ ዘሎና ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልስና ዝያዳ ድምቀት ዝህብ ምዃኑ ኣስሚርሉ።

ኣብዚ ኣጋጣሚዚ ተሳተፍቲ ሰማእታትና ትርጉም ህላዊናን ክብረትናን መንነትናን ስለዝኾኑ፡ ዘሰከሙና ሓላፍነትን ግቡእን ድማ መዳርግቲ